ኤጀንሲ ልምዓት ዳኣንት ክልል ትግራይ ሞተር ሳይክላት : ብስክሌት ዝተፈላለዩ ዓይነት ፈርኒቸራትን : ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ የካቲት 1, 2008 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ የካቲት 11, 2008 06:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ የካቲት 11, 2008 06:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ናይ ስፖርት ዕጥቅን ተዛመድቲ አቁሑትን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ዕድጊት ሞተርሳይክል/

ስለዝደለየ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቆሒታት እተማልኡ ተወዳደርቲ ክትወዳደሩ ይዕድም::

1 በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ከቕርብ ዝክእል

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቑፅሪ /TIN/  ሰርተፊኬት ከቕርብ ዝክእል

3 ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ /VAT/ ዝተመዝገበ ኮይኑ /TIN/ ምዝገባ ሰርቲፊኬት ነይ ወርሒ ታሕሳስ 2008 ዓም ድክላሬሽን ከቕርቡ ዝኽእሉ

4 በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምካኑ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ምስክር ወረቐት ከቕርብ ዝክእል

5 ተጫረቲ ንዝትዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ዘትምለለስ ብር 30 ሰላሳ እናከፈሉ ካብ ኤጀንሲና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብት ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 01 ካብ ዕለት 26/05/2008 ዓ/ም ክሳብ 11/06/2008 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ምዉሳድ ይክእሉ

6 ዝቐርብ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሐደ ኮፒ ነንበይኑ ብሸምዒ ብዘተዓሸገ ኢንቨሎፕ ኮይኑ ኣብ ላዕሊኡ ናይ መቕረባይ ሙሉእ ሽም ናይቲ ትካል ኣድራሻ ስልኪ ቍፅሪ ናይ ምንታይ ዓይነት ጨረታ ምኻኑን ናይዚ ቤት ዕዩ ሽም ክሕበር ኣለዎ

7 ተጫረቲ ዘትሕዝዎ መክብሪ ጨረታ ንናይ ሞተር ሳይክልን ብር 5,000.00 / ሓሙሽተ ሽሕ/ ን ብስክሌት ብር 8,000.00 / ሸሞንተ ሽሕ/ ንፈርኒቸር ብር 3,000.00 / ሰለስተ ሽሕ/ ንናይ ኤሌክትሮኒክስ ብር 3,000.00 / ሰለስተ ሽሕ/  ብCPO  ናብ ዝተዳለወ ናይ ቤት ዕዩ ጨረታ ሳንዱቅ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዙ ዝክእሉ::

8 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ተወዳዳራይ ዝስዓሮ ንብረት ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ቤት ዕዩና ስቶር ክፈሊ በቲ ዝተሐተተ ፅሬትን መጠንን ከቕርብ ዝክእል

9 እቲ ጨረታ ዕለት 11/06/2008 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:30 ቕድሚ ቐትሪ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቐትሪ ሰዓት ኣብ ኤጀንሲ ልምዓት ዳኣንት ክልል ትግራይ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 01 ተጫረቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ዝኽፈት ኮይኑ ተጫረቲ ብዘይምርካቦም ጨረታ ምኽፋት ኣይተኣጓጎልን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ዝሐወሰ ክኸዉን አለዎ ተዘይኾኑ ቫት ከምዝሐወሰ ርዱእ ተገይሩ ይዉሰድ

11 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን 45 መዓልቲ ይኸዉን

12 ኤጀንሲና  ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

14 እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ኤጀንሲና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት ዓቐን ወይ ዋጋ ከምኣዳላይነቱ ካብ ነብሲ ወከፍ ነፀላ ኣቐሓ ክሳብ 20% ናይ ምውሳክ ወይ ምቅናስ ይክእል እዩ::

15 ሰዓራይ እቲ ዘቕርቦ ንብረት ብባዓል ሞያ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይከዉን

መተሓሳሰቢ ንተወሳኪ ሓበሬታ ስልኪ ቁፅሪ 0342400009 ደዊልካ መብርሂ ምሕታት ይከኣል

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle